Folkhälsomyndigheten

# ድሕነት ውላድካ ካብ ኣር-ኤስ ቫይረስ ከምኡ ውን ትኽቲኽታ ተኸላኸል

ዕሸላት ብገለ ዓይነታት ቫይረስን ባክተርያን ብኸቢድ ክሓሙ ይኽእሉ። እቶም ብዕድመ ኣዝዮም ዝንኣሱ ህጻናት ኣዝዮም ተኣፈፍቲ እዮም። እዚ ዝስዕብ ምኽሪ ንውላድካ ካብቶም ብንፋስ ዝመሓላለፉ ረኽሲታት መተሓላልፎ-ትንፋስ ከምዝድሕን ይገብር።

## ምስ ዘይሓመሙ ጥዑያት ሰባት ጥራይ ተራኸብ

እቶም ንዕሸል ዝረኽቡ ሰባት፡ ጥዑያት/ዘይሓመሙ ክኾኑ ኣለዎም። ሰዓል ወይ ጉንፋዕ ዘለዎም፡ ካብ ስድራቤት ወጻኢ ካብ ዝርከቡ ሰባት ካብ ምርካብ ተቖጠብ። እቶም ንህጻን ኣለይ-መለይ ዝብሉን ምስኡ ዝራኸቡን ሰባት ጽሬት ኣእዳዎም ብግቡእ ክሕልዉ ኣለዎም። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣእዳዎኦም ብሳቡናን ማይን ክሕጸቡ ወይ ውን ኣልኮል (መንጽሂ ካብ ረኽሲ) ጌሮም ክደርዝዎ ኣለዎም።

ዝከኣል ምስዝኸውን፡ኣብ እዋን ቀውዕን ሓጋይን ኣብ ዕቡጥ ህንጻታት ብዙሕ ሰብ ጭቕጭቕ ኢሎም ኣብ ዝኸዱሉ ቦታታት ህጻን ሒዝካ ነዊሕ ምጽናሕ ከወግድ ተመራጺ እዩ። ምኽንያቱ ኣብቲ ግዜ`ቲ እዩ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ልዑል ምስፍሕፋሕ ቫይረስ ዝርአ።

ዝከኣል ምስዝኸውን፡ ህጻን ጡብ ክጠቡብ ኣለዎ። ምኽንያቱ ምጥባው ህጻን ብረኽሲ መተሓላልፎ-ትንፋስ ክልከፍ ዘሎ ስግኣታት፡ ስለዝቕንስ። ህጻን ንትኪ ትምባኾ ከይቃላዕ ክትጥንቀቕ ኣለካ።

ዝበዝሕ ግዜ ዕሸላት በቶም ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝርከቡ ዕብይ ዝበሉ ኣሕዋቶም እዮም ንረኽሲ መተሓላልፎ-ትንፋስ ዝቃልዑ። በዚ ምኽንያት ከኣ፡ትምህርቲ ውዒሎም ንገዛ ክመጹ እንከለዉ፡ ኢዶም ክሕጸቡ ጽቡቕ እዩ።

## ነብስኻን ውላድካን ካብ ሰዓል ቲኽቲኽታ ሓሉ

እቲ መበገሲ ትኽቲኽታ ዝኾነ ባክተርያ፡ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ክራማትን ቀውዕን ዘስፋሕፍሕ ኮይኑ፡ ንዕሸላት ብኸቢድ ክሓሙ ክገብር ይኽእል እዩ። ንነዊሕ ዝጸንሕ ሰዓል፡ ከቢድ ናይ ምስትንፋስን ምምጋብን ጸገማት፡ ህጻናት ኣብ ሆስፒታል ኣትዮም ክንክን ክረኽቡ ከምዝግደዱ፡ ክገብር ይኽእል።

ነፍሰ-ጾራት ንነብሰንን ዕሸለንን ካብ ቲኽቲኽታ ንምክልኻል፡ ኣበየናይ እዋን ናይ ዓመት ብዘየገድስ፡ ክታበት ጸረ-ቲኽቲኽታ ክኽተባ ኣለወን። ህጻን ብዕድመ 3 ኣዋርሕ ምስኣቐኡጸረ፡ ኣብ ክሊኒክ ህጻናት ክታበት ናይ ትኽቲኽታ ከምዝወሃብ ይግበር።

## ድሕነት ውላድካ ካብ ኣርኤስ–ቫይረስ ምክልኻል

ኣር-ኤስ ቫይረስ ብብዝሒ ኣብ ክፍላ ቀውዕን ሓጋይን ዘስፋሕፍሕ ኮይኑ፡ ንዕሸላት፡ ናይ ምስትንፋስ ጸገም፡ ረስኒ ከምኡ ውን ናይ ምብላዕ ጸገም ከስዕበሎም ይኽእል። በዚ ምኽንያት ከኣ`ዮም ብዙሓት ዕሸላት፡ ምስ ምስትንፋስን ምምጋብን ዝተተሓሓዘ ጥዕናዊ ክንክን ክረኽቡ ዝግደዱ።

ክሳብ ሕጂ ንህጻናት ክወሃብ ዝኽእል ክታበት ኣሬስ-ቫይረስ፡ የለን። ይኹን እምበር፡ ካብዚ ንምድሓን ንሓድሽ ዝተወልደ ዕሸል ክወሃብ ዝኽእል ክልተ ነገራት ኣሎ፡- እቲ ሓደ ኣብ እዋን ጥንሲ ዝወሃብ ክታበት ክኸውን እንከሎ እቲ ኻልኣይ ኣማራጺ ኸኣ፡ንዕሸል ኣንቲ-ክሮፕ ምሃብ እዩ። ብኸምዚ ኸኣ፡ ን 6 ኣዋርሕ ክጸንሕ ዝኽእል ካብ ኣርኤስ-ቫይረስ ዝከላኸል ብያነ ከምዝመሓላለፍ ይግበር።

ኣብ ወቕቲ 2025/2026፡ ኩሎም ድሕሪ 10 መስከረም 2025 ዝተወልዱ ህጻናት፡ ሕርሲ ኣብ ዝቀራረበሉ እዋን፡ ካብ ሞሎክሎናላ ኣንቲ-ክሮፕ ዝቖመ ምክልኻላዊ ፍወሳ ናይ ምርካብ ዕድመ ክግበረሎም እዩ።

## እቶም ኣብ ክሊኒክ ህጻናት ዝወሃቡ ክታበታት ወለንታውን ብነጻን ዝወሃቡን እዮም

ኩሎም ህጻናት ብመገዲ ክሊኒክ-ህጻናት ካብ ሓደገኛታት ዝኾኑ ሕማማት ዝከላኸሉሎም ክታበት ናይ ምርካብ ዕድመ ይግበረሎም። እቶም ኣብ ሽወደን ንህጻናት ዝወሃቡ ምዱባት ክታበታት፡ ብወለንታ ዝውሰዱን ብነጻ ዝወሃቡን እዮም። እቲ ቐዳማይ ዝወሃብ ክታበት፡ ካብ ቃንዛ-ከስዐ ዝከላኸል ክታበት ኮይኑ፡ ህጻን 6 ሳምንታት ምስኣቐኡጸረ፡ ብመልክዕ ንጣብ ኣብ ኣፍ ዝወሃብ እዩ።

ጥዕና ውላድካ ንምሕላው፡ ውላድካ ክታበት ዝወሰደ ምስዝኸውን ውን፡ ነዚ ዝስዕብ ምኽሪ ምኽታል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

**ዕሸልካ (ትሕቲ 1 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት) ካብ ረኽሲ ምድሓን**

- ምስ ጥዑያት ወይ ዘይሓመሙ ሰባት ጥራይ ተራኸብ።
- ኩሎም ንህጻን ዝረኽቡ ሰባት ኢዶም ብሳቡናን ማይን ክሕጸቡ ወይ ውን መንጽሂ-ኣልኮል ክጥቀሙ ኣለዎም።
- ኣብ እዋን ቀውዕን ሓጋይን፡ ህጻን ኣብ ብዝሒ ሰብ ዘለዎ ከባቢታት ኣብ ደገ ንነዊሕ ኣይተጽንሓዮ።
- ውላድካ ነቶም ኣብ ክሊኒክ-ህጻናት ዝወሃቡ ክታበታት ከምዝኽተቦም ግበር።

## ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም?

ዝኾነ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም፡ እቲ ህጻን ምስ ተወልደ፡ ንማእከል ጥዕና ውላድኩም፡ ኣብ እዋን ጥንሲ ኸኣ ንማእከል ኣዴታት ክትውከሱ፡ ወትሩ ብደሓን ምጹ ንብለኩም።

Skydda ditt spädbarn mot rs-virus och kikhosta (Tigrinja)
Folkhälsomyndigheten 2025. Artikel 25090-8
www.folkhalsomyndigheten.se